Metoprolol

**መድሃኒትኻ :- ሜቶፕሮሎል __mg**

**ስለምንታይ እየ ነዚ መድሃኒት እዚ ዝወስዶ ዘለኹ?** ልዑል ጸቕጢ ደም ኣሎካ ። ልዑል ጸቕጢ ደም ሕክምና እንተ ዘይተገይሩሉ _ሓደገኛ እዩ ። ወቕዒን ልቢ ድኻምን ከስዕብ ይኽእል እዩ ። ሕክምና ዘይተገብረሉ ልዑል ጸቕጢ ደም እንተሃሊካ ኽትመውት ትኽእል ኢኻ ።

**ዓልቲ መዓልቲ ምግቢ ኽትበልዕ ከለኻ ነ መድሓኒት ውሰድ።**

**ነዚ መድሃኒት እዚ ኽወስድ ከለኹ እንታይ ክስምዓኒ ኢዩ/ይኽእል ?** ሓድሓደ ግዜ መድሃኒት ምውሳድ ጎዳኢ ሳዕቤን ኣለዎ ። እዚ ጎዳኢ ሳዕቤን እዚ ንበርር ኩይኑ ኣይስምዓካን ይኸውን ። ሜቶፕሮሎል ምውሳድ ዘምጽኦም ሓድሓደ ጎዳኢ ሳዕቤን ጨረዉረዉ ምባል፣ ውጽኣት፣ ድኻም,፣ ፈኲስ ምስሓይ ወይ ሃታሃታ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ሓደ ሓደ ጎዳኢ ሳዕቤናት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም እኳ እንተዘይኮነ ኣዝዩ ኸቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ ። **ስለዚ 911 ደዉል ወይ ብፍጥነት ናብ ክፍሊ ህጹጽ ኩነታት ኪድ እንድሕር እዞም ምልክታት እዚኦም ኣማዕቢልካ - ቆፎ፣ ሕብጥታት ገጽ ከናፍር መልሓስ ወይ ጉረሮ፣ ወይ ከአ ምስትንፋስ የጸግመካ እተኾይኑ።**

**ካልእ እንታይ ክፈልጥ ኣለኒ ?**

1. ዋላ እውን ጽቡቕ እንተ ተሰምዓካ መዓልታዊ ነዚ መድሃኒት እዚ ኽትወስድ ኣለካ።
2. ነዚ መድሃኒት እዚ ኣብ ወርሒ ኽትመልኦ ኣለካ።
3. ካልእ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ሕክምናዊ ክሊኒክ ወይ ክፍሊ ህጹጽ ኩነታት እንተኼድተካ ልዑል ጸቕጢ ደም ከም ዘለካን ሜቶፕሮሎል ትወስድ ኸም ዘለኻን ክትነግሮም ኣለካ።
4. ከቢድ ናይ ልቢ ጸገም ከም ዘለካ ከቢድ ናይ ዑደት ጸገም ከም ዘለካ ወይ ድኻም ልቢ ኸም ዘለካ እንተድኣ ትፈልጥ ኮንካ ወይ ቀስ እናበለ ህርመት ልቢ እንተድኣ ኣልዩካ ነዚ መድሃኒት እዚ ክትወስዶ ኣይትኽእልን ኢኻ። ቅልጥፍ ኢልካ ንሓኪምካ ንገሮ ።
5. ንልብን ንደምን ዝጸሉ ዝኾኑ ይኹን መድሓኒት ቍጥዐ ኣካላት እንተሃልዩካ ነዚ መድሓኒት እዚ ኽትወስዶ ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ መድሃኒት እዚ ኣቴኖሎል ዝብል ስም ክወሃቦ ይኽእል ኢዩ ። ቀልጢፍካ ንሓኪምካ ንገሮ ።

"ናይ ጥዕና ሓበሬታ ልሓደ ስራሕ ብሓደ ዝተቐመጠ መስርሕ ትሕዝትኡ ኣፍቲ ድሕረ ገፅ ቅሩብ ዝኾነሉ ንሓበሬታ ጥቕሚ ብቻ እዩ፣ ንከም ናይ በዓል ሞያ ሕክምና ክዉሰድ የብሉን። ኩሉ ግዝ ናይ ሓኪም ምኽሪ ምድላይ ወይ ካልኦት ብቑዓት ናይ ጥዕና ጥበቃ ሓገዝቲ ንዝኾኑ ሕቶ ምስ ናይ ሕክምና ዛዕባ ወይ ምስ ዝተትሓዘ "